
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.232 | ሰንበት 28 ግንቦት 2023 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
"ሕጊታት ጋዝ" . . .


ገጽ 4
ዓንሰባ - ጽምብል ናጽነት ብልሳን ዜጋታት


ገጽ 5
"እቶም ኣብ ዕዮ ማሕተም ሀ.ግ ዝዓበዩ እጃም . . .


ገጽ 6
ብዛዕባ ምሕዝነት


ገጽ 11
ማድሪድን ባርሳን፡ ድሕሪ ደጊም ኤል ክላሲኮ . . .


## መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራትን ው.ሕ.ሃን፡ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት ኢማራት ዓረብ መሓመድ ቢን ዛይድ ኣልናህያን፡ ንጉስ የርዳኖስ ዓብዱላሂ ዳግማዊ፡ ፕረዚደንት ሶርያ ባሻር ኣልኣሰድ፡ ፕረዚደንት ሃንጋሪ ካታሊን ኖቫክ፡ ፕረዚደንት ማልታ ጆርጅ ቬላ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ፡ ከምኡ'ውን ወድብ መግቢን ሕርሻን (FAO)፡ ብምኽንያት መበል 32 ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

እቶም መራሕቲ ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ብምምናይ፡ ዝምድናታት ሃገራቶምን ውድባቶምን ምስ ኤርትራ ንምዕዛዝ ዘለዎም ድሌት ገሊጾም።

ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ሓያልን ብልጽግትን ኤርትራ ንምህናጽ ንዘካየድ ዘሎ ጻዕሪ ዘለዎ ኣድናቖት ብምጥቃስ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሶማልያን ዝዘሎ ዝምድና ዓቢ ግምት ከምዝህብዎን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ንምምዕባሉን ንምድልዳሉን ከምዝሰርሑን ኣረጋጊጹ።

ፕረዚደንት ባሻር ኣልኣሰድ፡ ሕውነታዊ ዝምድናታት ሶርያን ኤርትራን ንምምዕባልን ንምህናጽ ምትሕግጋዝ ምቁጽ ባይታ ንምፍጣር፡ ብወገን ሃገሩ ዝሎ ድልውነት ገሊጹ።

መሓመድ ቢን ራሺድ ኣልመክቱም - ምኽትል ፕረዚደንትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣመሓዳሪ ዱባይን፡ ከምኡ'ውን መንሱር ቢን ዛይድ ኣልናህያን - ምኽትል ፕረዚደንትን ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሕቡራት ኢማራት ዓረብ እውን፡ ናይ የሃናን ሰናይ ምንዮትን መልእኽቲ ሰዲዶም።

ብተወሳኺ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻእን ፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኢትዮጵያ ደመቀ መኮንንን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፍልስጤም ዶ/ር ሪያድ ኣልማልኪን ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መልእኽቲ ናብ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ሰዲዶም ኣለው።

## መበል 60 ዓመት ምስረታ 'ሕብረት ኣፍሪቃ' ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ

25 ግንቦት - መዓልቲ ኣፍሪቃን መበል 60 ዓመት ምምስራት ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ብ26 ግንቦት ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ተዘኪሩ።

ኣብቲ ሚኒስትራት ዝርከብዎም ሳዕሰዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ካልኦት ዲፕሎማስያዊ ታትን ዝተረኽቡሉ መድረኽ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መዓልቲ ኣፍሪቃ ኣብ ጽባሕ ጽምብል መበል 32 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ምብዓላ ዝያዳ ደምቀት ከምዝሃቦ ገሊጹ።

ኣፍሪቃ፡ ብተፈጥሮኣዊ ጸጋታ፡ ትዕድልቲ ጸጋታትን ብዙሕነትን ካብቶን ካልኦት ክፍለዓለማት ፍሉይነት ከምዘለዋ ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፡ ለሚ ነቲ ብዙሕነትን ብርቂ ትዕድልትን ምጽምባል ሓብን ምኻኑ ኣረዲኡ።





ብዙሕነትና ሓይልና ክኸውን እናተጸበኹ፡ ገዛኢቲ ሓይልታት ኣብ ሬሎማ 1884 ንኣህጉርና ኣፍሪቃ መቓቒሎም ንምግዛእ ምእንቲ ክጥዕሞም - ኣብ ዓሌትን ቀቢላን ተመርኲሶም ዶብት ከምዝሰኣሉ፡ ኣፍሪቃውያን ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዘሕለፍዎ ዝሓለፈ ስቓይ - ማሕበራዊ ክብረታቶም ብምዝባዕን ዓዳዊ ምምሕዳራቶም ብምዕናውን ዝሃጸበ ሕሰም ከምዝሸኑ፡ ንኣፍሪቃ ዘሐወ ወሽጣዊ ግጭታት፡ ቀቢላዊ ውግኣት፡ ዶባዊ ኩናት፡ ብልሽውናን ዘይቅርዐውይ ምሕደራን - ቀንዲ ጠንቂ ሓደጋታት ገዛእቲን ንምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ስዒቡ ዝመጽእ ሓደሽ ዓለማዊ ስርዓትን ምኻኑ ኣብሪሁ።

ሚኒስተር ዑስማን፡ ለሚ እቲ ኣረጊት ኣህጉራዊ ስርዓት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ይምህምን ስለዘሎ፡ ተራና ከም ኣፍሪቃውያን፡ ከፍ ኢልና - እቲ ዝመጽእ ኣህጉራዊ ስርዓት ንረብሓና ክኸውን ብዝሰፍ ምጽባይ ዘይኮነ፡ ኣብቲ ለውጢ ንጡፋት ተዋሳእቲ ብምኻን፡ ሓደሽ ኣፍሪቃዊ ስልጣነ ክንሃንጽን ንልምዓት ሃገራትና ምቹእ ሃዋህው ክንዋደድን ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ "ጭርሖና፡ ራኢ ሕብረት ኣፍሪቃ ንሓድነት ኣፍሪቃ - ብልጽግና፡ ሰላምን ዘመናውነትን ንዘሓሸት ኣፍሪቃን ዝበለጸት ዓለምን ክኸውን ኣለዎ" ድሕሪ ምባል፡ እዚ ኣብ እንግደዓና ከምርከብ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

## በዓል ናጽነት፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ቺካጎን ፊንላንድን ብድምቀት ተጸምቢሉ



በዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ፊንላንድን ብዓቢ ደምቀት ተጸምቢሉ።

ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ነበርቲ ስዊዘርላንድ፡ ብ20 ግንቦት ኣብ ከተማ የቨርዳን ኣብ ዘካየድዎ ጽምብል፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኣደም ዑስማን፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን ከምኡ'ውን ንሓይልታት ምክልኻል የሃናኡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ቃልሲ ዝተመዝገበ ዓወታት፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ትሰፍው መድረኽ ብዓጸፋ ሰራሕ ከምዝሸኑሉ ጸኑዕ እምነቱ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝወደብዎ ጽምብል፡ ብ24 ግንቦት ስነስርዓት ምስቃል ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ማእከል ምምሕዳር ከተማ ቺካጎ ኣካዪዶም።

ኣብቲ ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ዝተሰየ ኣጋጣሚ፡ ከንቲባ ከተማ ቺካጎ ዝለኣኾ ናይ "እንቋዕ ኣሐጎሰኩም" መልእኽቲ ተነቢቡ።

ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ነበርቲ ፊንላንድ እውን፡ ብ20 ግንቦት - ንጥምረቶን ድልውነቱን ንሓደሽ መድረኻት ብዘንጸባርቕ ባህላዊ ትሕዝቶ ዝማዕረገ ጽምብል ኣካዪዶም።

**ቅያ ስጡም መሰረት!**

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## "ሕጊታት ጋዝ" ብጽማቑ V

"ሕጊ ቻርለስ" (charles' Law)

ሮቦርት ቦይል ንጸቕጥን ቅጽን ናይ ሓደ ውሱን ጋዝ - ኣብ ተመሳሳሊ መጠን ረስኒ - ዘለዎ ዝምድና'ዩ ኣጽኒዑ። ጃኩይስ ቻርለስ ከኣ ንቕጽን መጠን ረስንን ናይ ሓደ ውሱን ዓቐን ዘለዎ ጋዝ - ኣብ ተመሳሳሊ ጸቕቲ - ዘለዎም ዝምድና ኣጽኒዑ። ኣብ ሕጊ ቦይል መጠን ረስኒ ኣይቅየርን እዩ፣ ኣብ ሕጊ ቻርለስ ከኣ መጠን ጸቕጢ ኣይቅየርን እዩ። እዞም ዘይቅየሩ ንብሎም ዘለና ጸቕጢ መጠን ረስኒ ኣብ ክልቲኦም ሕግትት ቀወምቲ "ኮንስታትት" እዮም። ኣብዚ ሕጂ እንርእዮ "ሕጊ ቻርለስ" ጸቕጢ ኣይቀያየርን እዩ። መጠን ረስንን ቅጽን ዘለዎም ዝምድና፣ ኣብ ሓደ ዓይነት ጸቕጢ፡ ምልውዋጥ ናይ መጠን ረስኒ ኣብ ቅጺ ዘለዎ ጽልዋ እንታይ ከም ዝመስል ዝገልጽ'ዩ።

"ሓደ ውሱን ዓቐን ዘለዎ ጋዝ - ኣብ ዘይቅየር ጸቕጢ - ምስ መጠን ረስኒ ቀጥታዊ ዝምድና ኣለዎ፡" ብምባል'ዩ ቻርለስ ደምዲሙ።

ጃኩይስ ቻርለስ ነዚ መደምደታ ክብጽሕ እንታይ'ዩ ገይሩ? ቻርለስ ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ ቅጺ ናይ ሓደ ውሱን ዓቐን ዘለዎ ጋዝ ምስ ምውሳኽ ወይ ምጉዳል ረስኒ ይቀያየር ምኻኑ ተገኒዘቡ። እዚ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዝኾነ ሰብ ብቐሊሉ ክፈልጦ ይኽእል ይኸውን። ቻርለስ ግን ነዚኣ ጥራይ ኣይኮነን ፈሊጡ፣ ናይቲ ጋዝ ቅጺ ብመጠን ረስኒ እንተ ተመቒሉ፡ ሓደ ውሱን (constant) ቍጽሪ'ዩ ዝህብ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ሕጊ ቦይል ዝረኣናዮ እውን ረኺቡ። መጠን ረስኒ ናይ ሓደ ጋዝ ምስ ትቕይር፡ ቅጺኡ ኸኣ ምስኡ ይቕይር ማለት'ዩ። ምቃል ቅጺ ብረስኒ ናይቲ ዝነበረን ምቃል ቅጺ ብረስኒ ናይቲ ሓድሽን ከኣ ማዕረ እዩ። ቻርለስ ነዚ'ዩ ክረኽቦ ክኢሉ።

$V_1/T_1 = V_2/T_2$

ቅጺ$_1$/ረስኒ$_1$ = ቅጺ$_2$/ረስኒ$_2$

ቅጺ$_1$= ፈለማ ዝነበረ ቅጺ

ቅጺ$_2$= ሓድሽ ቅጺ

ረስኒ$_1$= መጀመርታ ዝነበረ መጠን ረስኒ

ረስኒ$_2$= መወዳእታ ዝነበረ መጠን ረስኒ

ነዛ ቻርለስ ዝፈጠራ ቀመር ሓንሳብ ንመርምራ። ኣብ መጀመርታ ዝነበረ ቅጺ ($V_1$) በቲ ዝነበሮ ረስኒ ተመቒሉ ዝርከብ ዋጋ፣ መጠን ረስኒ ናይቲ ጋዝ ምስ ተቐየረ ዝርከብ ቅጺ ($V_2$) በዚ ሓድሽ ረስኒ ተመቒሉ ዝህሉ ውጽኢትን ማዕረ እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን እዚ ቀመር ልክዕ እዩ። እዚ'ዩ ሕጊ ቻርለስ። ኵሉ ሳዕ ክትርሳዕ ዘይብላ ግን ጸቕጢ ሓደ ውሱን ዘይቀያየር (constant) ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ሕግታት ጋዝ መጠን ረስኒ ብከልቪን'ዩ ዝዕቀን። ኣብዚ ኣርእስቲ'ውን ንሰርሖ ኳልኩለሽናት ብከልቪን ኢና እንሰርሖ። ንኣብነት ብደረጃ ሰልሲየስ ንሰርሕ እንተ ሃሊና፡ ኣሉታ ሰለስተ ደረጃ ሰልሲየስ ዘለዎ ጋዝ ቅጺኡ በዚ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ቀመር ክንረኽቦ ምስ እንደሊ፡ እቲ መልሲ ኣሉታ'ዩ ክኸውን። ንቕጺ ብኣሉታ ክንዕቅኖ ድማ ዝከኣል ኣይኮነን። እዚ ናይ ጋዝ ቀመራት ልክዕነቱ፡ ንመጠን ረስኒ ብከልቪን ምስ ንጥቀም ጥራይ እዩ ዝርከብ።

ሓንቲ ኣብነት ንርአ፤ 2 ሊትሮ ሚተይን ጋዝ ኣብ 40 ደረጃ ሰልሲየስ ኣለና። ነዚ ጋዝ ብ80 ደረጃ ሰልሲየስ እንተ ኣውዒናዮ፡ ሚተይን ጋዝ ዝህሉዎ ቅጺ ክንደይ ይኸውን?

= መጀመርታ ንዝተዋህቡና ኣሃዛት ፈሊና ምርኣይ ጽቡቕ እዩ። ኣብ ዝኾነ ሕቶ ዝዋሃቡ ኣሃዛት ኣቐዲምካ ክትፈልዮም እንተ ክኢልካ፤

- እንታይ ተዋሂቡካ ትፈልጥ

- እንታይ ተሪፉካ ትፈልጥ

- ኣየናይ ቀመር'ዩ ዘስርሓካ ትፈልጥ

- ነቲ ሕቶ ብቐሊሉ ትርድኦ

- እንታይ ትሕተት ኣለኻ'ውን ክትፈልጥ ትኽእል።

ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶ፤

- መጀመርታ ዝነበር ቅጺ ናይ ሚተይን ጋዝ (ቅጺ$_1$)= 2 ሊትሮ

- ብ80 ደረጃ ሰልሲየስ ምስ ወዓየ ዘለዎ ቅጺ (ቅጺ$_2$)= ? ሊትሮ

- መጀመርታ ዝነበረ መጠን ረስኒ (ረስኒ$_1$)= 40 ደረጃ ሰልሲየስ + 273= 313 ከልቪን

- ጸኒሑ ዝመጽአ ረስኒ (ረስኒ$_2$)= 80 ደረጃ ሰልሲየስ + 273= 353 ከልቪን


ንደረጃ ሰልሲየስ ናብ ከልቪን ቀይርናዮ ኣለና። ኣብዚ ከምቲ ንሰልሲየስ "ደረጃ ሰልሲየስ" እናበልና እንጠቕሶ፡ ንከልቪን "ደረጃ (degree)" ዝብል ቃል ኣይንጥቀመሉን ኢና። ክንረኽቦ ዝደለና ንጹር እዩ። ቻርለስ ዝሰርሓልና ቀመር ንኹሉ ቀሊል ግይሩዎ እዩ።

ቅጺ$_1$/ረስኒ$_1$= ቅጺ$_2$/ረስኒ$_2$

ቅጺ$_2$= (ቅጺ$_1$/ረስኒ$_1$) x ረስኒ$_2$

=(2ሊ/313ከ) x 353ከ

=2.26 ሊትሮ





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጰ. 1284


ሌላ ምስ መሃዝቲን ስነ-ፍልጠተኛታትን ብሓጺሩ

### ጃኩይስ ቻርለስ

(1746-1823)



ጃኩይስ ኣሌክሳንደር ሰሳር ቻርለስ ኣብ ፈረንሳ ካብ ዝፈረዩ ስነ-ፍልጠተኛታት እዩ። ብ1746 ኣብ ቢዩጀንሲ ዝበሃል ቦታ ተወልደ። ኣብ ንእስነቱ ኣብ ስነ-ፍልጠት ዘይጠለቐ ውሑድ ትምህርቲ ጥራይ'ዩ ዝረኸበ። መባእታዊ ስነ-ቍጽርን ውሑድ ኣብ ፈተነ ስነ-ፍልጠትን ጥራይ ተማህረ። ገና ብቑልዓኡ እንከሎ ናብ ፓሪስ ብምኻድ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፈረ። ብ1779 ቻርለስ ኣብ ናይ ሰላሳታት ዕድመ ረጊጹ እንከሎ፡ በንጃሚን ፍራንክሊን ከም ኣምበሳደር ኰይኑ ናብ ፓሪስ በጽሐ። ንስነ-ፍልጠታዊ ምርምራት በንጃሚን ፍራንክሊን ምስ ሰመየ ተመሲጡ ክጽንዮ ጀመረ። ካብቲ ዝዓበየሉ ናይ ስነ-ቍጽሪ ኣድህቦኡ፡ ናብ ግብራዊ ፊዚክስ ሰገረ። ኣብ ዓመትን መንፈቕን ከኣ ኣብ መድረኽ እናወጽአ ነቲ ዘጽንዮ ፍልጠት ክምህረሉ ጀመረ። ብግብራዊ ፊዚክስ ከኣ "ፕሮፌሰር" ዝብል ማዕርግ ረኸበ።

ባሉናት ዓቢ ለውጢ ገይሩለን። መጀመርታ ከም ተራ ጸሓፊ ኣብ ሚኒስትሪ ፋይናንስ ፈረንሳ ዝተቘጽረ ቻርለስ፡ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራቱ ድሕሪ ጽልዋ በንጃሚን ፍራንክሊን ብኤለክትሪክሲቲ'ዩ ዝጀመሮ። ንብዙሓት ምህዞታት ከኣ ከማሓይሽ ከኣለ። ሃይድሮሜተር፡ ናይ ነጸብራቕ (reflection) ኰርናዕ ዝዕቅን መሳርሒ ጋይኒዮሜተር፡ ንጨራ ጸሓይ ብዝደለኻዮ ኰርናዕ ከም ዘንጸባርቕ ዝገብር መሳርሒ "ግረይሳንድ ሂሎስታት፡" ከምኡ'ውን እታ ብፋህረናይት ዝተዳለወት ኣይሮሜተር ገለ ካብ ዘማዕበሎ መሳርሕታት እዩ። ብ1783 ሃይድሮጅን ዝፎኸሰ ጋዝ ምኻኑ ብምግንዛቡ፡ ሃይድሮጅን ጋዝ እትጥቀም ባሉን ዘዳለወ ቀዳማይ ተመራማሪ እዩ። እዛ ባሎን 914 ሜትሮ ኣብ ሰማያት ፓሪስ ከተንሳፍፍ ክኢላ። እዚን ካልእ ተወሲኹ ከኣ ጃኩዩስ ቻርለስ ፈላጥ ከሚስትሪ፡ ፊዚክስን "ኣይሮናት"ን ክስመ ኣኽኢሉዎ።

ቻርለስ ኣብ ታሪኽ ግብራዊ ስነ-ፍልጠት ስሙ ዘጸውዖ ብርክት ዝበለ ምርምራት ኣካይዱ እዩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ሕግታት ጋዝ እንመሃሮ ብስሙ ዝጽዋዕ ሕጊ፡ ምስኡ ተኣሳሲሮም ዘማዕበሎም ስርሓት ኣለዉ። ኣብ ኣየር ዘንሳፍፉ ሰብ ከጓዕዛ ዝኽእላ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ሓደ ጕዳይ ጽቡቕን ክፉእን ዝኸውን፡ ክንኣድ ወይ ክውቀስ እንከሎ እዩ።"

- Marcus Aurelius

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ዜና

## ደ/ቀ/ባሕሪ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ኣብ ዓሰብ ብድምቀት ተጸምቢሉ



መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ብደረጃ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ "ቅያ ስጡም ማሰርዕ" ብዝብል ቴማ፡ ብ23 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ከተማ ዓሰብ ብልዑል ድምቀት ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ. ምብራቕ ኮሎኔል ጸጋዩ ወልዱን ሰልጣን ራሓይታ ዓብደልቓድር ዳውድን ዝርከብዎም ናይ ክብሪ ዕዱማትን ብርክት ዝበለ ህዝብን ዝተረኽብሉ ጸምብል፡ ብብሉጻት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ሓይሊ. ባሕሪ፡ ሓይሊ. ኣየርን ሓይልታት ፖሊስን ዝቐመ ምርኢት ሰልፊ፡ ምርኢት ፈጣናት ጀላቡ፡ ያትዊ ትልሂት፡ ከምኡ'ውን ባህላውን ስነጥበባውን ምርኢት ቀሪቡ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ "ናጽነት ሪዚንዩ ትርጉሙ፡ ልዕሊ. ርዝኑ፡ ደማ ሪዚን ዋጋ ይሓትት" ድሕሪ ምባል፡ ህዝቢ. ኤርትራ ምእንቲ ናጽነቱን ሓርነቱን ከቢድ ዋጋ ዝሓተተ መሪር ቃልሲ. ከምዝተሓደደን ከምዝተዓወተን ኣዘኻኺሩ።

እቲ ቅድምን ልዕልን ኩሉ ዝሰረዕ ሰላምን ርግኣትን ሳላ ስጡም ሓድነትን ስራትን ህዝቢ፡ ንጹር ራእይን ሓራ ማስመርን መንግስትን ግንባርን ዝተዋሕሰ ደኣ ይኹን እምበር፡ ዝያዳ ምንቅስቓሱን ምምዕባሉን ደጋፍሓለይ ዘይብሎ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

እዚ ከምዚ. ኣሉ እንከሎ፡ ብዝተፈላለየ ትካላት መንግስትን ውልቅን ዝተዳለወ ስእላዊ ምርኢት፡ ብኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ተኸፊቱ።

## ሰ/ቀ/ባሕሪ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ኣብ ባጽዕ ብድምቀት ተባዒሉ

ኣብ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መበል 32 ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ቅያ ስጡም መሰርዕ" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዞባ ብ23 ግንቦት ኣብ ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ብኹብ ዝበለ ድምቀት ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ. እዚ. ምብራቕ ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደምን ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ. ባሕሪ ኮሎኔል መልኣከ ተኸለማርያምን ዝርከብዎም ሰበ-ስልጣንን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሓለፍቲ ግንባርን፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ባይቶን ወከልቲ ህዝብን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓዳሪት ዞባ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽምብል ናጽነት፡ ብዘኽሪ 30 ዓመት ሪፈረንደምን ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ዝተሓፍሰ ድሙቕ ዓወታትን ተሰንዩ፡ መደባት ህንጸት ሃገር ንምድንፋዕ ኣብ እንገምርሽሉ ዘሎና ትሰፋው መድረኽ ይበዓል ከምዘሎ ኣብሪሃ።

ኣብ ዝቐጸለ ዘሎ ናይ ህንጸትን ልምዓትን መደባት ብሓፈሻ፡ ኣብ'ቲ ብወፈራዊ ማእቶት ዝስላሰል ዘሎ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ድማ ብፍላይ፡ ወህደትን ሓያል ተወፋይነትን ኣጉዲሲ. ምኻኑ ድማ ኣዘኻኺራ።

ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲ. ሽማግለ በዓላት ዞባ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ድማ፡ እቲ ጽምብል፡ ካብ 15 ግንቦት ጀሚሩ፡ ብስፖርታዊ፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት፡ ከምኡ'ውን ኮማዊ ዳሳትን ሰልፊ ህዝብን ሰራዊትን ደሚቑ ምቕናዩ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣበርክቶ ንዘበርኩ ትካላትን ኣሃዱታትን ኣመስጊና።

## ጋሽ-ባርካ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ኣብ ባረንቱ ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ

መበል 32 በዓል ናጽነት፡ "ቅያ ስጡም ማሰርዕ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ21 ግንቦት ኣብ ከተማ ባረንቱ ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ።

ነቲ ጽምብል፡ ህዝቢ. ከተማ ባረንቱ በዐምሕዳራቱ ተወዲቡ ሰልፊ ናጽነት ብምክያድ፡ ኣባላት መደበር ታዕለም ኮርመናዕ ወተሃደራዊ ምርኢት ብምቕራብ፡ ተመሃሮ መሳጢ. ናይ ምንቅስቓስ ምርኢት ብምድላው፡ ስነ-ጥበባውያን ንክብሪ ናጽነትን ሃገርን ዘጸብርቕ መሰናድኣታት ብምቕራብ ኣድሚቖሞ።

ኣብ'ቲ ሓለቓ ስታፍ እዚ. ምዕራባዊ ግንባር ብሪጋደር ጀነራል ጸጋዩ መሓሪ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን'ቲ ዞባን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዝተረኽብሉ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ. ሕሩይ፡ "እዛ ብማሰዋእቲ ብሉጻት ዜጋታት ቅያ ዘመዝገበት ዕለት፡ መዓልቲ ምሕዳስ መብጽዓን ምርግጋጽ ድልውነት ንህንጸትን ልምዓትን ሃገር እውን እያ" ክብል ኣገንዚቡ።

ኣወሃሃዲ. ሽማግለ በዓላት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ህዝቢ. ኣብ ምምዕራግ ዑደት ጸዋእ "ህያብ ናጽነት"፡ ምውዳብ ሰልፍታት ናጽነት፡ ምምዕራግ ኮማዊ ዳሳትን ካልእን ዝርኣዮ ዘሎ ተወፋይነት ድሕሪ ምምጓስ፡ ንኣበርክቶ ጀጋኑ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ስነ-ጥበባውያን ናይ'ቲ ዞባን ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንመድረኻዊ መኸተ፡ ጽንዓት፡ ዓወት፡ ልምዓትን ምዕባለን ኤርትራን ህዝባን ማእከል ዝገበረ ብትልሂት ዝተሰነየ ሓያሎ ደርፍታት ብቛንቋታት ኩናማ፡ ናራ፡ ብዳወየት፡ ትግረ፡ ትግርኛን ሳሆን፡ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ድራማን ግጥምታትን ቀሪቡ።



## ኣብ ካናዳ ዝነብሩ ኤርትራውያን በዓል ናጽነቶም ጸምቢሎም

ኣብ ካናዳ - ከተማታት ቶሮንቶ፡ ኦታዋ፡ ቫንኩቨር፡ ካልጋሪ፡ ኤድመንተን፡ ሃሚልተን፡ ረጃይና፡ ለንደንን ጌልፍን - ኦንታርዮ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ "ቅያ ስጡም መሰርዕ" ብዝብል ቴማ፡ ጸንበል መበል 32 ዓመት ናጽነት ብድምቀት ኣብዒሎም።

እቲ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ዜጋታት ብበከባቢኦምን ብበውዳቤታቶምን ተኣኻኺቦም ዘቐደዎ ድግሳት፡ ንናጽነቶምን ንስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን ዘለዎም ክብሪ፡ ምስ ሃገሮምን ህዝቦምን ዘለዎም ምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዘለዎም ድልውነት ብዘረጋግጽ ትሕዝቶታት ዝማዕረገ ነይሩ።

ብቐንዱ ንትረኽቡቲ ሕድሪ ቁልዑን መንእሰያትን ማእከል ብዝገበረ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ድማ ማዕርጉ ቀሪቡ።

ኣብ ቶሮንቶ - ኣብ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ. ቈንስል ኤርትራ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ እስጢፋኖስ ንጉሴ፡ ናይ ሎሚ ዘመን በዓል ናጽነት፡ ኣብ ፍሉይ መድረኽን ብራኸን ኮብዕሎ ከምዝዘሎና ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ. ተኣትዩ ዘሎ መድረኽ፡ ዜጋታት ብልዑል ንቕሓትን ውዳበን ተራኦምን ኣበርክቶኦምን ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ኣቐዲሙ፡ ልዕሊ. 800 ህዝቢ. ዝተሳተፎ ተመሳሳሊ. ጽምብል - ኣብ ከተማ ዊኒፔግ ከምዝተኻየደ ተፈሊጡ።



## ጊንዳዕ - 100 ወከልቲ ሓረስቶት ስልጠና ረኺቦም


ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተወደበ - ን100 ወከልቲ ሓረስቶት (65 ካብኣቶም ደቂ-ኣንስትዮ) ኣባላት ሕርሻን ምምሕዳርን ኣብ መጉዚን ስርዓት-ኣመጋግባን ዝተኮረ ስልጠና ኣብ ጊንዳዕ ካብ 11 ክሳብ 16 ግንቦት ተዋሂቡ።

ኣብ ስነ-ስርዓት መዛዘሚ ስልጠና፡ ኣብ ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወኪል ሕርሻን መሬትን ኣቶ ተስፋት ገረዝጊሄር፡ እቲ ትምህርቲ ወሕስነቱ ዝተረጋገጸ መግቢ. ንምውናን ዝተወሰደ ተበግሶ ኮይኑ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ምምሕዳር ዞባ ብምውህሃድ ምቁር ድኻሽ ፈርዩ ናብ ሓረስቶት ንኽበጽሕ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወይዘሮ ኣስመረት ኣብርሃ ድማ፡ እቲ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ኣብ ጽፋፍን ብቐዓቱ ዝተረጋገጸን መግቢ. ዘተኩረ ስልጠና፡ ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ፡ ሓረስቶት ድማ ብፍላይ፡ ንምድራዕ ኣብ መላእ'ቲ ዞባ ክሰፍሕ መደብ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ኣብቲ ዞባ ምስ ዘሎ ዋሕዲ. ዝናብ፡ ምቁር ድኻሽ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ክተኣታቶ ምኻኑ ገሊጻ።

ነቲ ስልጠና ዝሃባ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣሃዱ ናብራ ዕበየት ሓረና ክብርያምን ትርሓስ የማነ፡ ነቲ ዕላማ ኣመልኪተን ኣብ ዝሃባኦ ሓበሬታ፡ ተጠቀምቲ ሃብታም ትሕዝቶ መኣዛዊ. መግቢ. ንሕብረተ-ሰብ ብሓፈሻ፡ ንፍሱ ጾራትን ህጻናትን ድማ ብፍላይ - ብመልክዕ ደረቕን ፈሳስን ተመስሪሑ ክጥቀምሉ ክገለገሉ ከምዝጸንሑ ብምሕባር፡ ሕብረተ-ሰብ፡ ኣብ ወሽጢ. ሃገር ብቐሊሉ ዝፈርዩ ኣሕምልትን ፍረታትን ክምጉብ መኺረን።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ፡ ካብ 8 ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ 140 ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣብ ወሁድ ምሕደራ ተፋሰስ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘተኩረ ስልጠና ከምእተዋህበ፡ ካብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኢንጂነር ሰለሙን ወልደሚካኤል ሓቢሩ።



# ንእፍልጦ

ማርታ ክብሮም

## ብዛዕባ ምሕዝነት



• ሓደ ሰብ ኣብ ዘመን ህይወቱ ብዙሓት መሓዙት የጥሪ። መብዛሕትኡ ግዜ ግን ምስ ሓደ ሰብ ጥራይ እዩ ንነዊሕ እዋን ዝቕጽል ዝምድናን ዝምስርት።

• መሓዙት ወይ ኣዕሩኽ ዘይምህላው ንጥዕና ጎዳኢ እዩ።

• ኣዕሩኽ ወይ መሓዙት ምህላው ጸቕጢ የጉድል።

• በላሕቲ ሰባት ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ውሑዳት መሓዙት ኣለዎም። ናይ'ዚ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ኣመራርጻ መሓዙት ኣዝዮም ጥንቁቓትን መረጽቲን ስለ ዝኾኑ እዩ።

• ናይ ቀረባ መሓዙትካ ኣብ ኣመጋግባኻ ጽልዋ ኣለዎም። እሙኑ ኣይትእመኑ ናይ ቀረባ መሓዙትካ ጽቡቕ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ዝበልዑ እንተ ኾይኖም፡ ንስኻ ድማ ጽቡቕ ትበልዕ። ኣብ ኣመጋግባኦም ዘይግደሱ መሓዙት እንተለዉኻ ድማ ከምኦም ትኸውን።

• ብመሰረት ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዕድመ ብጽሕና ዝበጽሑ ሰባት፡ ሓደ ወይ ክልተ ጥራይ ናይ ቀረባ መሓዙት ይገብሩ።

• ስምዒታትካ ብመሓዙትካ ክጽሎ ዘለዎ ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ንኣብነት ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ መሓዙትካ እንተ ሓዚኖም፡ ንስኻ ድማ ትሓዝን። ሕጉሳት እንተኾይኖም ሕጉስ ትኸውን።

## ዓቢ ሕልሚ ሕለም



ኣእምሮና ቀንዲ መሓዛና ወይ ቀንዲ ጸላኢና ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣተሓሳስባና ጥዑይ ወይ ሕሙም፡ ሃብታም ወይ ድኻ፡ ህቡብ ወይ ተራ ሰብ ክገብረና ይኽእል። ኣተሓሳስባና ሓደ ኣደናቒ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ፍሉይ ሓይሊ ኣለዎ፡ ብዝግባእ ምስ እንጥቀመሉ ድማ፡ ናብ ዓበይቲ ዓወታት ክመርሓና ይኽእል።

ሓደ ዛንታ ክነግረኩም፡ ቅድሚ ገለ ዓመታት ምስ ስድራ ቤተይ ንምዝዋር ኢልና ናብ ኢጣልያ ከይድና። ኣብ ከተማታት ሮማን ፍሎረንስን ናብ ገለ ታሪኻውያን ቤተ-መዘክራት ተዛወርና።

ኣብ ፍሎረንስ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ዝተሰርሐ ሓወልቲ ዳዊት ዝበሃል ኣሎ። እዚ ሓወልቲ ቡቲ ህቡብ ቀራጻይ ሚካኤል ኣንጀሎ ዝተሰርሐ እዩ። እዚ ሓወልቲ፡ ምናልባት ካብቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ቅርጽታት እቲ ዝበለጸ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዛንታ ሓወልቲ ዳዊት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ንኹላትና እውን ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ስድራ ቤት መዲክስ እቶም ዝሃብተሙን ዝሓየሉን ስድራ ቤት ኣብ ኢጣልያ ነበሩ። ካብቶም ስድራ ዕማም ክመጽኣካ ዓቢ ክብሪ ነበረ።

ስድራ ቤት መዲክስ ሓወልቲ ክሰርሑ ሓሰቡ። እንተኾነ ነቲ ሓወልቲ መስርሒ ዝኸውን እምኒ ክርከብ ኣይተኻእለን። ሚካኤል ኣንጀሎ ግን፡ ክልተ ዓመታት ስድራ ቤት መዲክስ ዝደልይዎ ዝነበሩ እምኒ ኣብ ምድላይ ኣሕለፎ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ጎደና ፍሎረንስ፡ ኣብ ጥቓኡ ኣቑጽልቲ ዝመልኦን ብርስላት ዝተሸፈነን እምኒ ነበረ። እዚ እቲ ሚካኤል ኣንጀሎ ዝደልዮ ዝነበረ ዓይነት እምኒ እዩ ዝነበረ። እዚ እምኒ በረድ ካብ ዓበይቲ ጎቦታት ተሰቢሩ ናብቲ ዝነበሮ ቦታ ዝመጽአ ኮይኑ፡ ኣስተውዒልሉ ዝፈልጥ ሰብ ኣይነበረን።

ሚካኤል ኣንጀሎ በዚ መገዲ ብዙሕ ግዜ ተመላሊሱ እዩ። ኣብታ መዓልቲ ቀረቡ ብምዕዛቡ ግዱ ንሓወልቲ ዳዊት ክሰርሓ ዝኽእል እምኒ በረድ ረኸበ። ቤታ ዝሃነጸ ሓወልቲ ድማ ክሳብ ሎሚ ስሙ ይጽዋዕ ኣሎ።

እቲ ቀራጻይ ነቲ እምኒ በረድ ምስ ረኸቦ፡ ብቐልጢፍ ሰራሕተኛታት ብምቍጻር ናብ ቦታ ስርሑ ወሰዶ። ነቲ ሓያል ስራሕ ምጽራብ ድማ፡ ሓደ ኢሉ ተተሓሓዘ። ስራሕ ምጽራብ ክልተ ዓመት ወሰደሉ። ነታ ሓወልቲ ክሰርሓ ድማ፡ ክልተ ተወሰኽቲ ዓመት ወሰደሉ። ሚካኤል ኣንጀሎ ከም ቀራጻይ ተፈሊጡን ህቡብነት ኣጥርዩን ነበረ። ንስድራ ቤት መዲክስ ሓወልቲ ይሰርሓሎም ከም ዝነበረ'ውን፡ ድሮ ኣብ መላእ ኢጣልያ ተፈሊጡ ነበረ። እዚ ሓወልቲ ንመጀመርታ ግዜ ንምርኢት ምስ ቀረበ፡ ሓወልቲ ንምዕዛብ ካብ መላእ ኢጣልያ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ናብቲ ቦታ ውሒዞም። ኩሉ ተዓዛቢ ድማ፡ ብጽባቐ እታ ሓወልቲ ተደነቐ። ሚካኤል ኣንጀሎ ድማ፡ ዝበለጸ ቀራጻይ ናይቲ ግዜ ተባህለ።

ድሕሪ ምርኢት ብኸመይ ከምኡ ዝኣመሰለ ሓወልቲ ክሰርሕ ከም ዝኸኣለ ምስ ተሓተተ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ "መጀመርታ ንዳዊት ኣብ ርእሰይ ስኢለን ሰሪሐን ወዲአየ። ምስጢር እዛ ጽብቕቲ ሓወልቲ፡ እቲ ኣብ መጀመርታ ዝሓለምክዎ ሕልሚ እዩ።"

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኑቶም ተኣኪቦም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ሰባት፡ ከምዚ ኢሉ መልእኽቱ ኣመሓላለፈ፡ "ነቲ ደረት ኣልቦ ክዙን ዓቕምኻ ንምፍላጥን ንምጥቃምን፡ ነቲ ውሱን ኣተሓሳስባኻ ዓበይቲ ሕልምታት ብምሕላም ኣወግዶ። ንድሕሪት ዝጎስዑኻ ኣሉታውያን ኣተሓሳስባታት እውን፡ ካብኻ ጎጥጉጥካ ጉሓፎም።" ኢሉ መልእኽቱ ኣመሓላለፈ።

**ምንጪ፡ ጽሑፍ፡ ኣተሓሳስባኻ ብምቕያር ህይወትካ ቀይር (ደራሲ- ብርያን ትሬሲ)**

## ካብ ቀዳሞት ሓሙሽተ . . .

• ዝበዝሐ ህዝቢ ዝቕመጠን ሃገራት
1. ቻይና
2. ህንዲ
3. ኣመሪካ
4. ኢንዶኔዥያ
5. ብራዚል

• ዝበዝሐ ተዛራቢቲ ዘለዎ ቋንቋ
1. ማንዳሪን ቻይና
2. እንግሊዝ
3. ህንዲ
4. ስጳኛ
5. ሩስያ

• ዝዓበያ ሃገራት ዓለም
1. ሩስያ
2. ካናዳ
3. ቻይና
4. ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ
5. ብራዚል

• ዝበዝሐ ህዝቢ ዝቕመጠን ከተማታት
1. ቶክዮ - ጃፓን
2. ሰዩል - ደቡብ ኮርያ
3. ጓንዙ - ቻይና
4. መክሲኮ ሲቲ - መክሲኮ
5. ደልሂ - ህንዲ

• ዝነውሑ እምባታት
1. ኤቨረስት - ኔፓል
2. K 2 -ፓኪስታን
3. ካንቸንግገ ኡንጋ - ህንዲ
4. ሎትሰ - ቻይና
5. ማካሉ - ቻይና

## ሓቅታት ብዛዕባ ሰሓቕ

• ሰባት ብጉጅለ ኮይኖም ኣብ ዝስሕቑሉ ግዜ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናብቲ ዝቐርቦ ሰብ እናጠመተ ይስሕቕ።

• ሰሓቕ ንጥዕና ገጽና ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ገጽና ንዘለዉ ገለ ጭዋዳታት ከም ዝንቀሳቐሱ ስለ ዝገብሮም። ኣብ ንስሕቀሉ ግዜ 26 ጭዋዳታት ናይ ገጽና ይንቀሳቐሱ።

• ን15 ደቓይቕ ምስ እንስሕቕ፡ 40 ካሎሪ ነህልኽ።

• ሰሓቕ ጸቕጢ ኣብ ምጉዳል ልዑል ተራ ይጻወት።

• ህጻናት ሰለስተ ዕጽፊ ናይ እኹላት ሰባት ይስሕቑ። ደቂ ኣንስትዮ ኸኣ፡ ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮ ይስሕቃ።

• ንሓድሕዶም ፍሽኽ እናበሉን እናሰሓቑን ዝዛረቡ መጻምድቲ ድልዱል ዝምድና ኣለዎም። ብሓንሳብ ነዊሕ ግዜ ናይ ምንባር ተኽእሎኦም ከኣ ይዓቢ።

• ፍሽኽ ምባል ጽቡቕ መሲልካ ንኽትርአ የኽእለካ። መጽናዕቲታት ከም ዝሕብርዎ ካብቶም ሓቀኛ ጽባቐ ዘለዎም ንላዕሊ እቶም ፍሽኽታ ዘዘውትሩ ሰባት ሰሓብቲ ኮይኖም ይረኣዩ።



## ተኣምር

ድኑሱ፡ ተንሲኡ ሳዕሲዑ ተቐጻጺዩ
ድኹም፡ ምርኩስ ገዲፉ ገዩዩ
ዕቡሱ፡ ብላህጃኡ ዓሊሉ ተዳህዩ
ዑወር፡ ብሕልና ብርሃን ርእዩ።
ስራሕ ተወንዚፉ፡ ዝተሰኽተተ
ቀርዒኑ
ኩሉ ዓቢዱ፡ ረሲዑ ሚዙኑ።
ቀልዓ ዓቢ፡ ሰብኣይ ሰበይቲ
ተሓጉሱ፡ ኣብ'ቲ ፍሱህ ዓውዲ
ኣብ'ታ ምቅርቲ መዓልቱ፡
ዓርቢ 24 ግንቦት 1991ን
ተኣምር ተኸሲቱ እቲ ብርግጽ
ዝእመን
ልቢ ብሓጎሱ፡ ተሃጊሓ ክትድፈን
ኣደራዕ ሸቑረረ፡ ኩሉ ክቢታተን ።
ዓቢዱ-ዘለሉ፡ ብኹሉ ዓቕሙ
ደቢሉ
ዓው ኢሉ ጨዲሩ፡ ሃሊሉያ ኢሉ
ይዘልል ይተሓጎሱ፡ ዝግበኦ
እንዳኣሉ
ሰቓይ ኣስተማቒሩ፡ ግፍዒ
ዝበለየሉ።

ይዘልል ይደብል፡ ጸምኣቱ የርዊ
ከም ወርቂ ተፈቲኑ፡ ብሃልሃልታ
ሓዊ
ብጾድፊ ዘለሉ፡ ሓጺን-መጺን ክስዊ
ምስ እምባ ገጢሙ፡ ውጹዕ ክሕዊ።
ኩናት ከፊቱ፡ ዝዓለመ ንሓርነት
መከራ መሪጹ፡ ከምጽእ ቅሳነት
ብርሃን ተሓሪሙ፡ ኣትዩ
ንደልሃመት
መሪር ቃልሲ፡ ተጋድሎ ንናጽነት።
መስገደል እናሰገረ፡ ልዕሊ ርብዒ-
ዘመን
ብላዕሊ-ብታሕቲ፡ ብሓዊ ክህደን
ተኣምር ፈጺሙ፡ ቅያኡ
ዘይእመን።
ጎዩ. . .ተዓንቂፉ፡ ወዲቑ ተንሲኡ
ሕልና ኣየዕረበን፡ ሰንቂ ጸንቂቑ
መሊሱ ጓዚሙ፡ ብተኣምር በሪቑ።

ዑመር መ/ሑሴን (ቢደሪ)

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting interested applicants to apply for the following position for Bisha site project:**

1. **Position: Project Planner**
   **Department: Process Plant/Engineering Projects**
   **Number required: One (01)**
   **Contract Type: Indefinite**

## Primary Purpose

- Provide effective project planning and scheduling, by maintaining an accurate project schedule that outlines the tasks, timelines, and resources required to complete a project. It involves working closely with the project team to identify the scope, define the deliverables and establish the project timeline. This role is a key driver for effective and efficient project delivery.

## Main functions & responsibilities:

- Creating a detail project plan that includes the following:
  - ✓ Project detailed Tasks, Dependencies and Milestones.
  - ✓ Identify potential risk or issues that can impact project timeline.
  - ✓ Develop project contingencies plans in mitigating those risks.
  - ✓ Ensure project progress is monitored and tracked ensuring project stays on track.
  - ✓ Provide progressive report to project team and stakeholders on updates and progress, addressing concerns or issues.
- Interact with project team and task managers to define scope of work, define deliverables, update detailed schedules, cost information and identification of variances from original plan.
- Evaluate project schedule progress and performance and identify developing problem areas.
- Analyze critical path and constraints to determine effect of changes to schedule and recommend work-around.

## Essential Functions

- Design all project schedule and contract agreements and ensure integrity of data in all project life cycle and prepare required reports to provide support to all project stakeholders.
- Prepare an efficient Project Master Schedule and maintain knowledge of all key project milestones.
- Administer project from conceptualization to implementation and evaluate all planning issues, Design all planning controls for various levels with all resources.
- Design an efficient engineering project schedule and prepare all vendor packages in coordination with project technical plans.
- Ensure compliance to schedule and manage all project deliverables and recommend increase in all engineering processes.
- Evaluate all man hours spent for various activities and prepare accurate reports for same and maintain record of all project progress.
- Evaluate all fabrication site and vendor schedule and ensure adherence to contract master schedule.
- Collaborate with all cross functional team to maintain quality assurance for all activities.
- Assist to identify and resolve all issues in normal operations and manage all communication for all schedule disruption.
- 

## UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION

- Candidate must be able to work under pressure to meet critical deadlines on project matters.
- Candidate must have an exceptional skill in public speaking.

| **Qualification** |
|---|
| • Tertiary qualification in Engineering |
| **Knowledge and Experience** |
| • At least 2-year experience in planning,<br>• Good understanding of MS Project or similar tool for project scheduling<br>• Good understanding of project work sequencing and activity dependencies for project scheduling |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| Advance MS Project user or other scheduling tool | Assertiveness |
| Advance MS Office user with at least mid to advance knowledge on Microsoft excel and PowerPoint | Good communication skills with excellent ability to communicate in English |
| Good understanding of project management principles as it relates to project scheduling and planning | Team player, Goal oriented |

## General Information and other requirements:

- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.
- 

## Additional requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

**Address: Please mail your applications to: -**

- Bisha Mining Share Company,
- P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**

- Please send a copy of your application to
  Aliens Employment permits Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

**AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.**

| | |
|---|---|
| **1. Job Title & Number required** | **Electrical and Electronics Engineer (01)** |
| **Major duties** | • Prepare and schedule preventive and corrective maintenance plans for production machines, HVAC system, electrical equipment and utilities establishing sequence and time frame of maintenance operations<br>• Perform all electrical and electronic maintenance activities in compliance with cGMP and Azel quality system in order to ensure the smooth functioning and overall health of production machine, generators, HVAC system, and utilities.<br>• Operate and control Generators and Chillers and ensures proper supply of electricity to all machines and areas of the company.<br>• Participate in out-sourced and in-house electrical equipment repair, servicing and installation activities.<br>• Prepare, update and complete or fill machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance documents.<br>• Participate in preparing electrical maintenance budget and monitoring expenditure to enhance performance and minimize wastefulness. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including presentation skills<br>▪ Excellent interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ BSC in Electrical and Electronics Engineer |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Electrical Engineer, or related positions in a manufacturing company. |
| **2. Job Title & Number required** | **Mechanical Engineer (01)** |
| **Major duties** | • Prepare and schedule machine and equipment mechanical maintenance plans, establishes sequence and time frame of operations in order to meet manufacturing requirement.<br>• Implement all machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance in compliance with cGMP and Azel quality System in order to insure their smooth functioning and overall health.<br>• Participate in Installation .validation, calibration and out-sourced maintenance activities of machines and equipment.<br>• Prepare, update and complete or fill machine and equipment preventive and corrective mechanical maintenance documents.<br>• Prepare training manual and conducts training for maintenance technicians and production operators.<br>• Prepare annual spare parts requirement with their full specification; and ensure their availability in the store all the time.. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including presentation skills<br>▪ Excellent interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ BSC in Mechanical Engineering |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Mechanical Engineer, or related positions in a manufacturing company. |
| **Place of Work for both posts** | Keren |

❖ Salary - Negotiable

❖ Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

**Note:** All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

**AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.**

| | |
|---|---|
| **1. Job Title & Number required** | **Mechanic (03)** |
| **Major duties** | ❑ Performs mechanical preventive maintenance activities according to the preventive maintenance schedule for all machines, in compliance with cGMP and Azel quality system in order to ensure the smooth functioning and overall health of production machines and equipment.<br>❑ Performs mechanical corrective maintenance activities in compliance with cGMP and Azel quality system.<br>❑ Helps senior technicians or engineers during preventive and corrective maintenance work<br>❑ Completes all machine and equipment mechanical maintenance logbooks in compliance with Azel Documentation System. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills<br>▪ Team work and interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ Advanced Diploma or Technical School Graduate in General mechanics, Machinist, or related fields. |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Mechanic, Machinist or related positions in a manufacturing company. |
| **2. Job Title & Number required** | **Electrician (01)** |
| **Major duties** | ❑ Performs electrical maintenance activities in compliance with cGMP and Azel quality system in order to ensure the smooth functioning and overall health of production machines, generators, HVAC system, and utilities.<br>❑ Helps seniors electrical during preventive and corrective maintenance work.<br>❑ Practices proper utilization of tools, spare parts and consumables to obtain maximum efficiency, performance, and cost effectiveness.<br>❑ Operates generators and chillers and ensures proper supply of electricity to all machines and areas of the company.<br>❑ Completes all electrical maintenance logbooks in compliance with Azel Documentation System. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office<br>▪ Excellent written and verbal communication skills<br>▪ Team work and interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ Advanced Diploma or Technical School Graduate in Electricity |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Electrician, or related positions in a manufacturing company. |
| **Place of Work for both posts** | Keren |

- ❖ Salary - Negotiable
- ❖ Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029
Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

**Note:** All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

**AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.**

| | |
|---|---|
| 1. **Job Title & Number required** | **Accountant (01)** |
| **Major duties** | ▫ Records and categorizes expenses, and reviews financial documents to resolve any discrepancies and irregularities<br>▫ Analyzes financial data so as to recommend ways to help the organization run proficiently and recommends financial actions by analyzing accounting options<br>▫ Monitors and examines the efficiency and accuracy of existing accounting procedures and financial documents and where they stand with laws and regulations<br>▫ Provides guidance on revenue enhancement, cost reduction and profit maximization<br>▫ Creates, reviews and presents budgets<br>▫ Works and cooperates with external auditors in preparing audit reports<br>▫ Records payments and disbursements<br>▫ Reconciles already documented reports, statement |
| 2. **Job Title & Number required** | **General Accounts (01)** |
| **Major duties** | ▫ Manages and oversees the daily activities of the general accounts section and employees to make sure that the objectivities of the section and the department.<br>▫ Establishes and enforcement paper accounting methods, policies and principles to maintain and strengthen internal controls.<br>▫ Manages various ledger functions such as journal entry preparation/monthly –end, quarter-end, year –end close processes, account reconciliation and bank reconciliation.<br>▫ Supervise the maintenance of the general and subsidiary ledgers, accounts receivables, revenue distribution, depreciation, cost and operating expenses, insurance records.<br>▫ Provides oversight for accounts receivable and accounts payable with close attention to cash flow analysis and forecasting, timely settlement of taxes, and update the finance manager on cash position in local and foreign currencies.<br>▫ Contributes to team effort by collaborating with cost accounting and financial reporting officer for related results.<br>▫ Prepare quarterly and annual statistical financial reports by controlling, analyzing and summarizing account information to the finance manager.<br>▫ Manages HR Functions of subordinates to improve performance and ensure their satisfaction. |
| 3. **Job Title & Number required** | **Finacial Reporting Accountant (01)** |
| **Major duties** | ▫ Prepares the monthly, quarterly and Annual Financial Statement reporting packages and manage the internal and external review for these documents.<br>▫ Provides a narrative explanation of how the company performed in the reporting period, its current financial condition, and its future prospects to help managers understand the current picture of the Company.<br>▫ Collaborates with all finance sections and perform account reconciliations and corrections to insure accurate, timely and cost-effective financial statements and reports.<br>▫ Investigate financial data discrepancies and prepares solution for finance management personnel.<br>▫ Compiles and reviews all financial information, analyze various operating outputs and prepares special reports and studies for senior management and for dissemination to departments as appropriate.<br>▫ Assists in the production of the annual budget and periodic forecasting, evaluation and reporting.<br>▫ Supports the finance manager with special project and workflow improvements. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office; knowledge of Accounting Software.<br>▪ Excellent communication and interpersonal skills.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills, including, presentation skills. |
| **Education** | ➢ BA in Accounting. |
| **Age** | ➢ 25-45 |
| **Experience** | ➢ Degree, at least four years of work experience as Accountant, or related Financial reporting positions in a manufacturing company. |
| **Place of Work** | Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara and Keren, Eritrea |

- Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.
- Salary Negotiable

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029
Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

**Note:**
All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማድሪድን ባርሳን፡ ድሕሪ ደጊም ኤል ክላሲኮ...

ዓብይቲ ክለባት እስጳኛ ዝኾና ርያል ማድሪድን ባርሴሎናን ድሕሪ ሕጂ ንሓድሕደን ኣብ ዝራኸባሉ ናይ ደርቢ ጸወታ "ኤል ክላሲኮ" ዝብል መጸዊዒ ከምዘይጥቀማሉ፡ ረለቮ ዝተባህለት ምንጪ ሓቢራ።

እዘን ዕውታት ክለባት፡ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዝበዝሐ ተዓዘብቲ ዘለዎ ግጥም ከምዝቐዩዳ ጸብጻባት የረድኡ። እዚ ሚልዮናት ተዓዘብቲ ዝከታተልዎ ጸወታኣን ብ"ኤል ክላሲኮ" ከምዝጽዋዕ ይፈልጥ። ይኹን እምበር፡ እዚ ንሓያሎ ዕቑድ ዝተጠቐማሉ ፍሉይ ሕላገት ከይጥቀማ ቤት ጽሕፈት ፓተንትን ምልክት ንግድን እስጳኛ ከልኪልወን ኣሎ። እቲ ቤት ጽሕፈት፡ እዘን ክለባት ከይጥቀማሉ ዝኸልከለን ምኽንያት፡ እቲ ቃል ምስቲ ላ'ሊጋ ክጥቀማሉ ዝጸንሐ ዝመሳሰል ብምዃኑ - ምድንጋር ከይፍጠር ብምባል እዩ። 'ኤል ክላሲኮ' ደሮ ፍሉጥን እኹልን ስርዓት ዘለዎ ምዃኑ'ውን ይኣምን።

በዚ ድማ፡ እዘን ክለባት፡ ኣብቲ ዝኑብራኦ ናይ ንግዲ ወይ ዕዳጋ ወፍሪ ከምኡ'ውን ኣብ ወግዓዊ ግጥማት ወይ ምሕዝነታዊ ጸወታታት፡ እዚ ሕላገት ኣይክጥቀማሉን እዮን። ማድሪደን ባርሳን እዚ ውሳኔ እዚ ይግባእ ንምባል ናይ ሓደ ወርሒ ዕድል ኣለወን።



ብመሰረት ጸብጻባት፡ እዚ ውሳኔ ድሕሪቲ ርያል ማድሪድን ባርሴሎናን 'ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ' ዝብል ሓዱሽ ውድድር ክጅመር ደገፈን ድሕሪ ምዃነን - ምስ ፕረዚደንት እቲ ሊግ ጃቪየር ተባስ ብምብኣሰን እዩ ዝቕልዐ። እዘን ክለባት፡ ዛጊት ምስ ጁቬንቱስ ብምዃን'ውን እዚ ውድድር ክጅምር ይደፋፍኣ ምህላወን ይፍለጥ። እንተ ተባስ ግና፡ በዚ ውሳኔ ኣብሉ ንፕረዚደንታት እዘን ክለባት - ፍሎሬንቲኖ ፐረዝን ላፖርታን ከምዘፈራርሖም ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ኤል ክላሲኮ፡ ዓቢ ንግዳዊ ጸጋ ከምዝለዎ፡ ካብ ናይ ተለቪዥን ኣታዊ ብዙሕ መኽሰብ ከምዝረኽባ ይግለጽ። እዘን ክለባት ኣብዚ ወቕቲ ጥራይ ኣብ ሓሙሽተ ግጥማት - ማለት ኣብ ላ'ሊጋን ኮፓ ደል ረይን ክልተ ግዜ፡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሱፐር ኮፓ እስጳኛ ሓንቲ ተራኺበን እየን። ኣብ ምጅማር ሓዱሽ ወቕተስፖርት 2023-24 ከኣ ኣብ ናይ ቅድመ-ልምምድ እዋን ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣብ ላስቬጋስ ክካየዳ እየን።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ እዚ ዜና ዝተዓዘቡ ተኸታተልቲ ርእይቶኦም ይህቡ ኣለው። ንገለ ካብኦም ምስ እዝንቡቡ "ላ'ሊጋ ፈጺሙ ኣብቂዑ እዩ፡ ብኣከዳደት እዩ ንታሕቲ ዝኸደ ዘሎ። ኤል ክላሲኮ እኳ ስም ጥራይ ኣይነበረን፡ ዓለምለኻዊ ምልክት ንግዱ፡ ቅርሱ፡ ምልክት ታሪኽ እዩ"፡ "ጸወታ እዘን ክልተ ዝዓበያ ክለባት ላ'ሊጋ 'ኤል ክላሲኮ' ካብ ምባል ዝዓቢ ዋላ ሓደ የለን"፡ "ፕሪመር ሊግ ንጸወታ ዩናይትድን ማን ሲቲን ናይ ማንቸስተር ደርቢ ኣይበሃልን እዩ ክብል እሞ ሕሰቡዎ! ላ'ሊጋ ከበድ ጸገም ገይሩ ኣሎ።" ዝብል ደርከቡ።

## ፕሪመር ሊግ፡ ኣብ መወዳእታ ሰሙኑ

ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዓመተ-ስፖርት 2022-23፡ ሎሚ ኩሎም ግጥማት ኣብ ሓደ ሰዓት ብምኽያድ መጋረጃኡ ክዓጹ እዩ።

እዚ ማን ሲቲ ዝተዓወተትሉ ውድድር፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ - ኣርሰናል፡ ማን ዩናይትድን ኒውካስልን፡ ኣብ ዩሮፓ ሊግ - ሊቨርፑልን ብራይተንን ከሳተፋ ምዃኑ ድሮ ፈሊጡ እዩ። እቲ ዛጊት ዘይተፈረ ዘሎ ጉዳይ - ንዓመታ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግ ናይ እትሳተፍ ጋንታን ናብ ታሕተዋይ ሊግ ዝወርዳ ክለባትን እዩ።



ናብቲ ሳልሳይ ደረጃ ኤውሮጳዊ ውድድር ዝኾነ ኮንፈረንስ ሊግ፡ ሻውዓይ ደረጃ ዝሓዘት ጋንታ ጥራይ ተሳታፍነታ (ብልክዕ ናብ መጻረዪ ግጥማት እዩ) እተረጋግጽ ኮይኑ፡ ኣስቶን ቪላ ብ58 ነጥቢ እያ ኣብዚ ደረጃ ዘላ። ይኹን እምበር፡ ቶተንሃም 57 ብሬንትፎርድ 56 ነጥቢ ኣዋህሊለን ብምህላወን ዕድል ኣለወን። ኣስቶን ቪላ ኣንጻር ብራይተን፡ ብሬንትፎርድ ኣንጻር ማን ሲቲ፡ ቶተንሃም ኣንጻር ሊደስ ክኣ ጸወታ ኣለወን። ዋላ'ኳ ሊደስ ንታሕቲ ከይትወርድ ትቃለስ ዘላ ጋንታ ብምዃና ንቶተንሃም ቀሊል እንተመሰለ ብተዛማዲ ግና፡ ዝሓሸ ጸወታ ኣለዋ - ካብ ቪላን ብሬንትፎርድን።

እቲ ካልኣይን 'ናይ ሞትን ሕየትን' ቃልሲ፡ ናብ ታሕተዋይ ሊግ ዝይምውራድ እዩ። ሳውዝሃምፕተን፡ እታ እኽ ምውራዳ ዝፍለጠት ክትከውን እንከላ፡ ሊደስ፡ ሌስተርን ኤቨርተንን ጌና ዘየፍለጣ እየን። ብ31 ነጥቢ 19 ደረጃ ዘላ ሊደስ ንቶተንሃም ክትሰዕሞ እንከላ፡ ብተመሳሳሊ ነጥቢ 18 ዘላ ሌስተር ድማ፡ ንዌስትሃም ከተኣንግዳ እያ። ኤቨርተን፡ ሽሕ'ኳ፡ ብናይ ክልተ ነጥቢ ጸብለልታ ኣብ 17 ደረጃ ትሃሉ፡ እንተተሰዓራ ኣብ ሓደጋ ክትኣቱ ትኽእል እያ። በዚ ድማ፡ ኤቨርተን ዝሓሸ ዕድል ሒዛ ኣብ ቅድሚ ደገፍታ ንቦርንማውዝ ክትጻለማ እያ። እዛ ጋንታ፡ ዘይተኸም'ተን ክልተ ድሕራት ዘለዋ ክለባት፡ መጻኢኣ ኣብ ኢዳ ሒዛ ዘላ እያ። ሊደስን ሌስተርን ዋላ እውን እንተተዓወታ፡ ኤቨርተን ክትሰዓረለን ክጸብያ ግድን እዩ። ምናልባት፡ ኤቨርተን ማዕረ እንተተፈላልያ፡ ሊደስን ሌስተርን እንተተዓዊተን ከኣ፡ ብጸብለልታ ሽቶ ሌስተር እያ ንዓመታ ኣብዚ ምጽናሓ እተረጋግጽ።

## መቑሸሽ

እንግሊዛዊት ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ንኒውካስል ብምስዓር ድሕሪ ሹዱሽተ ዓመታት ንፈለማ ግዜ ዋንጫ ምዕታራ ይዝከር።

እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ በጺሓ ብምህላዋ ከኣ፡ ኒታ መፋልምታ እትኸውን ጓል ከተማኣን ቀንዲ መቐናቕንታን ማን ሲቲ እንተሰዒራታ፡ ካልኣይቲ ጸዋእ ናይ'ዛ ወቕቲ ክተልዕል እያ። ብመንጽሩ፡ ኣብዚ ሰሙን ኤውሮጳዊ ውድድራት ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታታት ድሕሪ ምብጻሑ፡ ሓደ ንተዓዘብቲን ንስታስቲካዊ ጸብጻብት ክለባት ብደቂቕ ዝከታተሉ ወገናትን ዘሰሓብ ክስተታት ኣጋጢሙ ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ኣብ ቀረባ ዓመታት ኣብላት እዛ ማንቸስተራዊት ጋንታ ዝነበሩ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ኣብ ፍጻመ በጺሖም ምህላዎም እዩ። ክንጽ'ዮም ተጻወትቲ ከኣ፡ ንኽልተ ዓመታት ዘሰልጠና ዓላሚ'ውን ብተመሳሳሊ ካልእ ጋንታ ሒዙ ኣብ ናይ ፍጻመ ኤውሮጳዊ መድረኽ በጺሑ ኣሎ።




እዞም ናይ ቅድም ኣባላት እዛ ጋንታ፡ ምስ ኢንተርሚላን ዘለዉ - ሮሜሎ ሉካኩ፡ ማተዮ ዳርሚያን ሄንሪክ ሚኪታርያን ኣንጻር ማን ሲቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክበጽሑ እንከለዉ፡ ተጻወትቲ ሮማ - ኔማኒያ ማቲች፡ ክሪስ ስሞሊን ከምኡ'ውን ዓላሚኡ ሆዜ ሞሪኖ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዩሮፓ ሊግ ኣንጻር ሰቪያ ክፋለሙ እዮም።

## ማን ዩናይትድ፡ ብኣንቶኒ ተሻቒላ

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሓሙስ ምሸት ናይ ዓንቀር ዓንካሪቶ መጉዳእቲ ዘገጠሞ ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ኣንቶኒ፡ ከም'ቲ ኣብ ኢያክስ ብተመሳሳሊ መጉዳእቲ ንዊሕ ኣዋርሕ ዝጸንሮ ከይፍሊያ ሰጊኣ።



ብራዚላዊ ኣንቶኒ፡ ኣብ ልዕሊ ቸልሲ 4ብ1 ኣብ ዝተዓወቱሉ ጸወታ እዩ ብሰሪ እዚ መጉዳእቲ ኣብ ቃሬዛ ተጺዩሩ እናንብዐ ክወጽእ ተቐሲቡ። እዚ ልዑል ምልክት ኩዕሶ ዘለዎ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሆላንዳዊት ክለብ ኢያክስ እንከሎ፡ ብተመሳሳሊ መጉዳእቲ ንሸሞንተ ግጥማት ተኣልዩ ነይሩ። እቲ መጉዳእቲ ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ዓለም እዩ ኣጋጢምዎ ነይሩ።

በዚ ኮይኑ በቲ ግና፡ ሽሕ'ኳ ንዊሕ ኣዋርሕ ካብ ሜዳ ክርሕቕ ዝኽእል መጉዳእቲ ምዃኑን ዘይምዃኑን ድሒሩ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ እዚ ወቕቲ ኣብ ምዝዛሙ ብምዃኑ ግና - እዛ ማንቸስተራዊት ጋንታ ዕድለኛ ዘቑጸራ እዩ። ዝሓለፈ ክረምቲ ብ81 ሚልዮን ፓውንድ ናብዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ወዲ 23 ዓመት - ኣንቶኒ፡ ሸሞንተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ እዩ።

ዩናይትድ በዚ ዓወት ተሓጊዛ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ናይ ምስታፍ ዕድላ ከተውሕስ እንከላ፡ ዝመጽእ 3 ሰነ ከኣ፡ ኣንጻር ማን ሲቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ ክትራኸብ እያ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ኣከፋፋሊ ማን ሲቲ - ካልቪን ፍሊፕስ፡ ዋላ'ኳ ኣብዚ ወቕቲ ሕማቕ እዋን እንተኣሕለፈ፡ ክወጽእ ግና መደብ ከምዘይብሉ ኣፍሊጡ።

"ዋንጫ ክየትርን ክጻወትን እየ መጺአ፡ ኣብዚ ወቕቲ ከም'ቲ ዝደልዮ ኣይገበርኩን። ዝመጽእ ዓመት ግና፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቐፅ ኮይነ ክምለስ ክፍትን እየ። ከም'ቶም ኣገደስቲ ካብ ብቐዓቶም ዘይጎድሉን ተጻወትቲና ሮድሪን ጓንዶጋንን ክኸውን ተስፋ እገብር።" ኢሉ። ዝሓለፈ ክረምቲ ብ45 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሊደስ ናብ ሲቲ ዝተጸምበረ - ፍሊፕስ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ከም ተቐያሪ ኮይኑ 20 ግጥማት ጥራይ እዩ ተሰሊፉ።


* ቫለንሺያ፡ ብሰሪ'ቲ ደገፍታ ኣብ ልዕሊ ቪንሰየስ ጁንየር ዘውርድዎ ዓሌታዊ ኣድልዎ ተቐጺዑ ምንባራ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ትማሊ መቕጻዕታ ጎዲሉሉ።

ላ'ሊጋ፡ ነዛ ጋንታ 45 ሽሕ ፓውንድ (52 ሽሕ ዩሮ) ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሜዳኣ ኣብ እተካይዶ ሓሙሽተ ግጥማት እቲ ስታድዩም ብኸፊሉ ክዕጾ ወሲኑ ነይሩ። ይኹን እምበር፡ ናይ ይግባእ ሕቶ እዛ ጋንታ ዝተቐበለ ቤት-ፍርዲ፡ ነቲ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ናብ 25 ሽሕ ፓውንድ (29 ሽሕ ዩሮ) ክውርዶ እንከሎ፡ ነቲ ሓሙሽተ ግጥማት ከኣ ናብ ሰለስተ ቀኒስዎ።

* ዓላሚ ክለብ ናፖሊ - ሉቺያኖ ስፓሌቲ፡ ንመዘከርታ እታ ዝዐተርዋ ዋንጫ ሰሪ'ኣ ኣብ ኢዱ ምውቃጡ ቶላሕታ ረኺቡ።

ናፖሊ፡ ድሕሪ 33 ዓመት ንፈለማ ግዜ ንስኩዴቶ ምዕታራ ይፍለጥ። በዚ ድማ፡ ኣቐዲሙ ማኪናኡ ነዚ ዓወት ንምዝካር ብሓዲሽ ሕብሪ ዝለመጸ - ስፓሌቲ፡ ኣብ ጸጋመይቲ ኢዱ ተወቒጡ ኣሎ። ኣብቲ ውቃጠኡ ከኣ፡ ኣርማ ናፖሊ ኣብ ላዕሊ፡ ንዓመታ ኣብ ማልያኡ እትልጠፈሎም ጠንዲራ/ኣርማ ኢጣልያ ከኣ ኣብ ትሕቲኡ ደርኢያ። ኣብታ ናይ ኢጣልያ ኣርማ ድማ፡ ነተን ኣብ ታሪኾም ሰለስተ ግዜ ዝዐተርወን ናይ ሊግ ጸውኣት ንምግላጽ 'ቁጽሪ ሰለስተ' ተጻሒፉ ኣሎ።

ስፓሌቲ፡ ድሕሪ'ዘን ተረፈን ዘለዋ ክልተ ናይ ሰሪ'ኣ ግጥማት፡ ነዛ ጋንታ ክገድፋ ምዃኑ እዩ ዝገለጸ። ምኽንያት መውጽኢኡ፡ ምስ ወናኒ እዛ ጋንታ ካብ ዘይምስምማዕ ዝብጽሰ እዩ - ብመሰረት ምንጪታት ኢጣልያ።




## ቅንጥብጣብ

* ኤርሊን ሃላንድ፡ "የማነይቲ እግሪ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዶ ዋላስ ጸጋመይቲ እግሪ ሊዮኔል ሜሲ ክትህልወካ ምደለኻ?" ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ብቐዕቲ ጸጋመይቲ እግሪ ክሳብ ዝሃለወትኒ፡ ናይ ሮናልዶ ምደለኹ" ክብል መሊሱ።

* ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ ዎልቨስ - ጆኣ ሞቲንዮ፡ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ትጽቢት ተገይሩሉ ኣሎ። ዓላሚ ዎልቭስ ሎፕተጉ፡ እዚ ኣከፋፋሊ ደጊሙ ኣካል እዛ ጋንታ ከምዘይከውን ከምዝፍለጥ እውን ይሕብር። "ተስፋ ይገብር ራውል ጂመነዝ ግና ንዓመታ ምሳና ክጸንሕ፡ ንሱ ውዕል ኣለዎ" ይብል ሎፕተጉ።

* ሓላዊ ልዳት ፒኤስጂ - ዶናሩማ፡ ኣብ ፓሪስ ጽቡቕ ደስ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ "እዛ ጋንታ ምውሓሊይ ኩርዕ እዩ። ተስፋ እገብር ከኣ፡ ንዊሕ ዓመታት ብምጽዋት ኣብ መዘክር ታሪኽ ክጽሕፍ" ኢሉ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

### ፕሪመር ሊግ


ሰዓት 6:30 ምሸት
ኣስቶን ቪላ - ብራይቶን
ኤቨርተን - ቦርንማውዝ
ሊደስ - ቶተንሃም
ብሬንትፎርድ - ማን ሲቲ
ማን ዩናይትድ - ፉልሃም
ቸልሲ - ኒውካስል
ሌስተር - ዌስትሃም
ኣርሰናል - ዎልቨስ
ሳውዝሃምፕተን - ሊቨርፑል
ክሪስታል ፓላስ - ኖቲንግሃም

### ሰረ'ኣ

ቦሎኛ - ናፖሊ 4:00 ድ.ቐ
ጁቬንቱስ - ኤሲ ሚላን 9:45 ምሸት

### ላ'ሊጋ

ባርሴሎና - ሞያርካ 8:00 ምሸት




# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ደጋጊምካ ሰዓት ምዕዛብ ንስእነት ድቃስ የጋድድ

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ኢንዲያና፡ ድቃስ ኣብ ዝኣበየካ እዋን ደጋጊምካ ሰዓት ምዕዛብ ንስእነት ድቃስ ከምዝቃልዕ ሓቢሮም።

ስእነት ድቃስ ኣብ ማእከላይን ዳሕረዋይን ደረጃ ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ሰባት ብተደጋጋሚ ዝርአ ጸገም ኮይኑ፡ ንሕማማት መትኒ ልቢ፡ ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ኣእምሮን እዩ ዘቃልዕ። እቲ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ 5 ሽሕ ናይ ድቃስ ጸገማት ኣብ ዘለዎም ተሳተፍቲ እዩ ተኻይዱ። ድቃስ ኣብ ዝኣበየካ ግዜ ደጋጊምካ ሰዓት ምዕዛብ፡ መለሱ ኮይኑ ስእነት ድቃስ ከምዝናውሖን ስእነት ድቃስ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዘእትዉ መድሃኒታት




ንኽትምርኮስ ድማ ከምዝገበድደኩ እቶም ተመራመርቲ ኣረጋጊጾም።

ድቃስ ምስ ዝኣበየና፡ ህሉው ሰዓት ንኽንፈልጥ፡ ሰዓት ክንደይ ክንትንስእ ከምዝለናን ክንደይ ናይ ድቃስ ሰዓታት ተሪፉና ከምዝሎን ንምፍላጥ፡ ኣቓልቦ ሰዓት ክንዕዘብ ንግደድ ኢና። እንተኾነ እዚ ሰዓት ደጋጊምካ ናይ ምዕዛብ ንጥፈት፡ ኑቲ ብሰንኪ ስእነት ድቃስ ዝስዕብ ወጥሪ ኣእምሮን ኣካላትን መለሱ ስለዘጋድዶ፡ ኑቲ ቀልጢፍካ ናይ ምድቃስ ተኽእሎ ከምዝትሕቶ እቶም ተመራመርቲ ወሲኾም ገሊጾም።

ሓደ ካብ'ቶም ተመራመርቲ ስፐንሰር ሳወሰን፡ ብስእነት ድቃስ ዝሳቐዩ ወገናት ድቃስ ኣብ ዝኣበዮም ግዜ፡ ሰዓት ክሕብሮም ዝኽእል ሞባይሎም ኮነ ሰዓትን ካልእ መሳርሒን ካብ ጥቓኦም ክርሕቑ መኺሩ። እዚ ኸኣ፡ ኑቲ ብዘይምድቃስ ዝስዕብ ወጥሪ ኣጉዲሉ ብህድኣት ንኽድቅሱ ከምዝኽእል ኣፍሊጡ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ኣብ እትህውኸሉ እዋን፡ ሰዓት ደጋጊምካ ምርኣይ ንህሉው ወጥሪ ስለዘጋድዶ ዘይምርኣይ ተመራጺ እዩ ክብል ምኽሩ ለጊሱ።

## ኣብ ልዕሊ ፍርቂ ቀላያት ዓለምና ዋሕዲ ማይ የጋጥም ኣሎ



ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ኮሎራዶ ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ኣብ 53 ሚእታዊት ዓበይቲ ቀላያት ዓለምና ዋሕዲ ማያት ከምዝጋጠመ ሓቢሮም።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ 2 ሽሕ ዓበይቲ ምንጪ ጽሩይ ማይ ዝኾና ቀላያትን ሓጽብታትን እዩ ተኻይዱ። ቀንዲ ምኽንያት እቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናኣንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ዓቐን ማይ ቀላያት ከኣ፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ልዑል ተጠቃምነት ወዲ-ሰብን ደብትን ከምዝኾኑ፡ ኣካየድቲ እቲ መጽናዕቲ ገሊጾም ኣለዉ። እዚ ብሓገዝ ሳተላይታት ዝተሰላሰለ መጽናዕቲ፡ ብናይ ከባቢ ሰላሳ ዓመታት ሓበሬታታት ብዘሎ ማይ ቀላያት ዝተማእከለ እዩ ነይሩ።

ብዓለምለኻዊ ደረጃ፡ ምንጪ ጽሩይ ማይ ዝኾኑ ቀላያትን ሓጽብታትን 87 ሚእታዊት ናይ'ቲ ኣብ ዓለምና ዝርከብ ጽሩይ ማይ ዝውክሉ ኮይኖም፡ ኣብ ሰባትን ሓፈሻዊ ኢኮስስተምን ዘለዎም ጽልዋ ልዕሊ ውሓይዙ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዘጋጥም ዘሎ ዋሕዲ ዓቐን ማይ፡ ብሰንኪ ኣብ ማያዊ ክፋል ዘሎ ዋሕዲ ሓበሬታ ክሳብ ሕጂ ብንጹር ክልለ ከምዘይተኻእለ ይሕበር።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሓደ ርብዒ ካብ ህዝቢ ዓለም ኣብ ጥቓ ክጸኑ ዝጀመሩ ቀላያት ይነብሩ ከምዝለዉ ሓቢሮም። በዚ ድማ ኑቲ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ፡ ደብትን ብፍላይ ከኣ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ዘጋጥም ዘሎ ዋሕዲ ማይ ኣብ ቀላያት፡ ዳግመ ግምት ክግበረሉን ቅልጡፍ ግብራዊ ምሕደራ ክኸየደሉን ተማሕጺኖም።

## ካብ ረሳሕ ማይ ዝተዳለወ ዓይነት ቢራ ተቐባልነት ይረክብ

ካብ ዝተጻረየ ረሳሕ ማይ፡ ልዑል ተቐባልነት ክረክብ ዝኽእል ቢራ ከምዝተሰርሐ መጽሔት 'ዘ ጋርዲያን' ኣብ ገጻቱ ኣስፊሩ።




እዚ ብዓይነቱ ሓደሽ ቢራ፡ ኣብ መንጎ ዝርስሐ ማይ ዳግማይ ዘጻሪ ትካልን ፋብሪካ ቢራን ብዝተኻየደ ስምምዕ ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ሕጻብ ማይ ናይ ኣቑሑ ናይ ክዳውንትን ናይ ሰብነትን ከምዝተዳለወ ሰራሕቱ ገሊጾም። እዚ ንብዙሕ ኣገራሙ ዘሎ ሓዲሽ ዓይነት ቢራ፡ ረብሓታት ረሳሕ ማይ ክሳብ ሕጂ ብዋበእ ዘይተበርበረን ኣብ መዓላ ዘይወዓለን ከምዝኾነ ዘርኢ እዩ ክብሉ ኣድናቖቶም ወሲኾም ገሊጾም ኣለዉ። እዚ ብዓማዊል ተቐባልነት ረኺቡ ዘሎ ቢራ፡ ዝኾነ ናይ ሕጻብ ጣዕሚ ዘይብሉ፡ ንኽትሰትዮ ባህታ ዝፈጥርን ተረር ጣዕሚ ዘውንንን ከምዝኾነ ይገልጽ ኣሎ።

እዚ ብዘጠልቦ ጥረ ነገራት ኣብ ጥዕና ዓማዊል ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምዘይብሉ ዝሕብር ዘሎ ዓይነት ቢራ፡ በቲ ንውሕስነቱ ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ተደጋጋሚ መርመራታትን ምምሕያሻትን፡ ካብ ካልኦት ዓይነት ቢራታት ዝያዳ ውሑስ ከምዝኾነ ሰራሕቱ ሓቢሮም ኣለዉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝካየድ ዘሎ ንዝዘለኹ ነገራት ዳግማይ ናይ ምምስራሕ ኣገባብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጸላታት ንዘጋጥም ዘሎ ሕጽረታት ብምጣኑ መፍትሒ ዝምጽእ ምዃኑ ይሕበር። ምስራሕ እዚ ሓደሽ ቢራ ከኣ፡ ንዝልኪ ማስርሒ ቢራ ዝኸውን ማይ ብምጉዳል ኑቲ ምስ ምውሳኽ ህዝቢ ዓለምን ክሊማዊ ዋህን ዘጋጥም ዘሎ ሕጽረት ማይ፡ ብምንቃሙ ከፋኸስ ተኽእሎ ኣለዎ ክብሉ ሰራሕቱ ይገልጹ። ቢራ ኣብ ዓለም ብዝለዎ ህላኽነት፡ ካብ'ቶም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ዓይነታት ኣልኮላዊ መስተ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር።

## ኣብ ፍርያት መመላኽዒ ሓደገኛ ቀመማት ተረኺቦም

ኣብ ካናዳ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መጸባበቒታትን ንውልቃዊ ክንክን ዘገልግሉ ኮዝሞቲካዊ ፍርያትን ክበርሱ ዘይክእሉ ሓደገኛ ቀመማት (PFAS) ከምዝተረኽቡ ተቓሊሑ። እቶም ዘይበርሱ ቀመማት፡ ኣብ ጥቕሚ ምስ ወዓሉ ኣብ ኣካላትን ኣከባብን ናይ ምእካብ ዓቕሚ ዘለዎም ምዃኖም ድማ ተሓቢሩ።

እቶም ክኢላታት፡ ንመበዝሕትኦም ኑቶም ሓደገኛ ቀመማት፡ ኣብ ወሸጢ'ቶም ኣብ ዝተፈላለያ ምዕቡላት ሃገራት ንመመላኽዒታትን ንውልቃዊ ክንክን ኣካላትን ዘገልግሉ መጸባበቒ ፍርያት ክረኽብዎም ከምዝኸኣሉ ገሊጾም። ንሳቶም፡ እዞም ሓደገኛታት ዘይበርሱ ቀመማት፡ ኑቶም ንዝተፈላለየ መዓላታት ዝፈርዩ ናይ መጸባበቒ ፍርያት፡ ንዋሕስ እዋን ክጸንሑ፡ ማይ ከይሕልፉን ኣብ ቁርበት ተጠቃሚ ቀልጢፎም ክዘርግሑን ከምዝኽእሉዎም ሓቢሮም።

ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ከበቢ 170 ዓይነት ሓደገኛ ቀመማት፡ ከም ጥረ-ነገር ኮይኖም ኣብ መጸባበቒታትን ንውልቃዊ ክንክን ዘገልግሉ ፍርያታትን ከምዝውዕሉ'ዩ ዝገንር። ዓመታዊ ከኣ ካብ ዝተፈላለዩ ፍርያታት ዝወጽኡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ከሎ ዝግመቱ ዘይበርሱ ቀመማት፡ ብሚያዊ ኣካል ኣብሎም ኣብ ኣከባቢ ሓደጋ የውርዱ ከምዝለዉ ይገልጹ። እዞም ክሳብ ኣርክቲክ ከይተረፈ ህላወኦም ኣውሒሶም ዘለዉ ቀመማት፡ ኣብ ኣካላት ወዲ-ሰብ ክእከቡ ከምዝኽእሉ ይገንሩ።

ኣብ ናይ መጸባበቒ ፍርያተን ነዞም ዝተጠቕሱ ቀመማት ከምዝለዉ ዘስተውዓለ ገለ ምዕቡላት ሃገራት፡ እቲ ሓደገኛ ቀመም ካብ ፍርያተን ክእለ ዘገድድ ፖሊሲ ከውጽኣ ከለዋ፡ ገለ'ውን ነዞም ቀመማት ዘለዎም ፍርያት ኣብ ዕዳጋታት ካብ ምቕራብ ከምዝኸልከላ ዝተፈላለያ መርገጺት ሓቢረን ገሊጸን።


ኣብ ተጠቀምቲ ኮዝሞቲክስ ፍርያት ውልቃዊ ክንክንን ኣብ ዝተኻየደ መርመራታት፡ እቶም ነዞም ትሕዝቶታት መዓልታዊ ብልዑል ዓቐን ዝጥቀሙ ውልቀ-ሰባት፡ ካብ'ቶም ዘይጥቀሙ ወይ ስሕት ኢሎም ዝጥቀሙ፡ ኣብ ደሞም ዝለዓለ ዘይበርሱ ቀመማት ክርከብ ከምዝተኻእለ ተሓቢሩ ኣሎ። ኣብ ኮርያ ኣብ ዝተኻየደ መርመራ'ውን፡ እዞም ቀመማት ብቐርበት ዘሪቖም ኣብ ጸብ ጡብ ተጠቀምቲ ክርከቡ ምኽኣሎም ተገሊጹ።



## "ትሕቲ ሓሙሽተ ሰዓታት ዝድቅሱ መራሕቲ ማካይን ንሓደጋ ይቃልዑ" መጽናዕቲ

ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ትሕቲ ሓሙሽተ ሰዓታት ደቂስካ ማኪና ምምራሕ፡ ልክዕ ከም መስተ ሰቲኻ ምዝዋር ማለት ምዃኑ ተገሊጹ።

ካብ'ቶም ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ዘስዕቡ ቀንዲ ምኽንያታት፡ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ልዑል ፍጥነት ምህላውን እዮም። ኣብ እዋን ምምራሕ ማኪና ምትኻስ ወይ'ውን ምድቃስ ከኣ ዝኾነ ክልተ ሰዓቢ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ፡ ብቐሊሉ ክውገድ ዝከኣል ምኽንያት ሓደጋ



ከምዝኾነ'ዩ ኣብ'ቲ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ክልለ ተኻኢሉ ዘሎ።

እቶም ኣካየድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ፡ ፈውሲ ስእነት ድቃስ እኹል ድቃስ ምርካብ'ኳ እንተኾኑ፡ ዓቐን ስእነት ድቃስ ኣብ መራሕቲ ማካይን ክትዕቅን እትኽእል መሳርሒት ዘይምህላዋ ግን፡ ብምትኻስ ኣብ ሰብን ንብረትን ዝስዕብ ከፊላዊ ሓደጋ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ከምዘይከኣለ እዮም ዝሕብሩ። እዚ ንምውጋድ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ክልተ ዓመታት፡ ዓቐን ስእነት ድቃስ ካብ ደም መራሒ ተሽከርካሪት ከተለሊ እትኽእል መሳርሒት ኣብ መዓላ ክትውዕል መደብ ከምዘሎ ገሊጾም። እዚ ድማ ኑቲ ብጉድለት እኹል ድቃስ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ ኣብ ምጉዳል ዕዙዝ ተራ ክልህዋ ምዃኑ፡ እቶም ክኢላታት ኣገንዚቦም።

ድኻም ብሓንሳብ ዝመጽእ ዘይኮነ ቀስ ብቐስ ዝኣከብ ኮነት ስለዝኾነ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዝተዳኸሙ መራሕቲ ማካይን 'ደሓን'የ' እናበሉ ንህላወኦምን ድሕነት ካልኦትን ኣብ ሓደጋ ከየእትዉ፡ እቶም ክኢላታት ኣጠንቂቖም። ሰዓታት ስእነት ድቃስ እናወሰኸ ምስ ዝኸይድ ተኽእሎ ናይ'ቲ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋ እውን ብኡ መጠን እናዛየደ ስለዝኸይድ፡ ሕጽረት ድቃስ ዘለፎ መራሒ ተሽከርካሪት፡ ብፍላይ ካብ እዋን ከውታ ለይቲ ክሳብ ወጋሕታ ኣብ ዘሎ ሰዓታት፡ ካብ ምዝዋር ክቑጠብ ተማሕጺኖም።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ፍሩ-ኣወሊዕ
ፋርማሲ ረሻም
ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣበይቶ

ዕለት
28/05/2023
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ

ጎደና
ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁጽሪ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ
ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ መጋሞር (ጉዳይፍ)
መጨረሽታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣበይቶ
ቁ.ቴሌፎን 127565

ቁ.ስልኪ
163485
181048
07114040